ዓወት ንሓፋሽ !

# እዚ ግዜስ ንኣመሉ

ኣንታ እዚ ግዜስ ንኣመሉ
ኣንሻ ዝርስዕ : እንታይ እዩ ኮይኑ !
ትማሊ ክጠልመኒ : ጸልማት ተኸዲኑ
ሻራ ተኸልኩሉ : ምስ ዓመጸኛታት ደያኑ :

ግዜ ናይ ኣርበዓታት : ክዝክሮ ብቐንዱ
መሰልና ዝገፈፈ : በቲ ጸፋር ኣጻብዕቱ
ድምጽና ቀቢሩ : ምስ ጓና ኣማሊዱ
የልኹምን ዝበለ : በቲ ቄናን ፍርዱ !

ብያነ ፈደሬሽን ተጀሊሑ : ኣብ መራት ሳንኬሎ
ክሕደቱ ዘመስከረ : ብእዋኑ ከሎ
ንረብሓ ጻዕዳ ኣትማን : እዞም ዕንኪላሎ
ኣካ ጠበሱና ኣብ ርሱን መቕሎ
መን'ዩ እሞ ክርስዖ ሰብግዜ ዝበደሎ :

ተዛረብ ግዜ ዕንኪላሎ :
ብዋጋ ዕድልና ዘሸካዕለሉ : ናይ ሽዕኡ ደላሎ
ንሓቂ ቀቢሮም ንጥልመት ዝዓንገሉ
ዘረከቡና : ኣብ ምንጋጋ ሓራግጽ ተኺሉ :

በዓል ኣይግዳዶም ሰብ ፍሉይ ረብሓ
ንጠላማት ዓሲቦም : ብጀዲድ ደበላን
ድልየቶም ንምርዋይ : ሕሎምም ክገሃድ
ክግብቱ ንኤርትራ : ምስ ቀይሕ ባሕራ
ንመሰልና ክይንጣበቕ : ኣብ ኣፍና መዓንከራ

ኣየ ግዜ ንኣመሉ !!!
ሽዑ ግን ኣይተዛረበን ነቲ ሓቂ
ህዝቢ ክዋረድ : ክነግሱ ኣጋንንቲ
ሸማግለ ይኹን ቀልዓ ምስ ሰበይቲ
ሃገረይ ዝበለ ክልቀም በብሓንቲ
ክነድድ ክሕረድ : ክዕጸድ ከም ንዳእቲ
ኩሉ ሓደ ኮይኑ : ቀትሪ ምስ ለይቲ :

ኣንታ ግዜ ዕንኪላሎ !
እንታይ ኢኻ : ኣታሊ ውዕሎኻ ትርስዕ
መንጠሊና ሓሶት ተኸዲንካ እትስዕስዕ
ክሳብ መዓስ ኢኻ : ብዓመጸናኛታት እትዝረዕ
ግዜ ኣታሊ : ክብ እንተበልካ መዘንግዕ
ሬሳታት ጭቁናት ተነጺፍካ : ብደሞም እትጉስዕ :

እቲ ናይ ተማሊ : ቃልሲ ን30 ዓመት !
ቀያሕቲ ዝኸፈልና ብናይ ዓለምና ጥልመት
ሂወቶም ዝወፈዩ ስለ ሃገራዊ ክብረት
ጁጅ-ማጁጅ ጉሒፎም : ዘረከቡና ነጻነት

ኣንታ ቄናን ግዜ :
ነዚ ቂያ ክትምስክር : ስዘሰኣንካ ብቕዓት

**መ'ኸተ ክሳብ ምሉእ ራህዋ !**

ንኺድ ደቂ ኤሪ : ን COI ክጥዕሞም ዕረ:

ድምጽና ንሰለ ሕድሪ ሰማእታትና :

ንኺድ ደቂ ኤረ : ን COI ክጥዕሞም ዕረ:

ደግሲ መጺኡና ደግሲ ኣርበዓታት
እናነፈየ እልቢ ዘይብሉ ዶላራት
ውጥም ቅልቅል : ካብ መናኽዕ በዓቲታት
ምርቓ ንባርነት : ዝረግሙ ንናጽነት !!!

ናይ ማወስ ተንኰል መመሊሱ ዝፍልፍል
ናይ ወዲ-ሰብ ክብሪ ብዋጋ ክትመን
ን COI ዓሲቡ እዚ ጻዕዳ ተመን
ዕርቃኑ ዝወጸ ኣብ መበል 21 ክፍለዘመን
ንጓህማም ማሕበረሰብ ተኻርዩ : ዝብል ኳዕነን ሸነን
ክብርታትና ቀቢሩ ጸሓይና ከድንን :

ኣብ ባይታ ዘይረኸቦ ብውክልና ኲናት
እገዳ ጨርሖ : ቅኒት ናይ ሕሉላት
ሞኹድና ዝቕተልናዮ : ከይተበገሰ ካብቲ ቅርዓት
ምስክር ውህደትና : ናይ መኸተና ጽንዓት :

ኣንታ ግዜ ዕንኪላሎ !
ወጥሪ ትፈጥር ንባዕልኻ ክንስኻ መዋጥር
መስተር ኣጋንንቲ : ንነገራት ትሸናኽር
ሰብኣዊ መሰል ኣጠሚቕካ : መሰለትና ክትቀብር
ብጸልማት ደሪስካ : ኣብ መጋበኢያ ክትምድር :

ጐይቶትካ ማወስ : ሰብ ፍሉይ ረብሓ
ብዋጋ ጭኩናት : ናይ ገባብል ምኩሕ ኣርሓ
ሃገር ዝህምሹ : ናብ ዝባደመ በረኻ
ሑጻ ምድሃጽ : ብዘይ ኩሩምትኻ :

ንሕና ኢና ንሕና : እቶም ቅድም ትፈልጠና
ዕጡቓት ካብ ቀድም : ንስለ ፍቕሪ ሃገርና
መኸተን ጅግንነትን : ውርሻ ኣቦታትና
ብክብርታትና ንልለ : ኣብነት ናይ ዞባና :

ኩሉ ግዜ ትውረቕ : ናይ ቤትገርግሽ ዝናር
ደቂ ወል/ኣብ : ደቂ ኢብራሂም ሱልጣን
ደቂ ጐሚዳ : ደቂ ዓወተ : ደቂ ኣባጥመር
ሰብ ድርብ ኪዳን : ኣብ ሓደ እንጥመር
ውዱባት ከም ንህቢ : ወለላ እንብርበር :

ከም ስሑል ነብሪ : ኣብ ጸላእትና እንዘልል
ንምኩሓት ቀቢርና : ነባሪ ሰላም እንተክል
ግዜ ሓቂ እንተልዩካ : ንዝብለካ መስክር :

እወ ሕጂውን እንተኾነ
መራሕቲ ኣለዉና : ብጽንዓቶም ዝልለዩ
ኣብ ዝኾነ ጽንኩር ኩነት : ብዋጋ ዘይድለሉ
ምእንቲ ህዝቦም : ነፍሶም ዝረሰዑ
ንጸገማት በዲሆም : ፍቕሪ ዝነዝዑ :

ሎሚ ዘይከተተ : ብደዉ ከም ዝሞተ !
ዓወት ንሓፋሽ !
መድሃኔ ተስፋለም : 27.12.2015 ጀርመን:

ድምጽና ንስለ ሕድሪ ሰማእታትና :

# መኸተ ክሳብ ምሉእ ራህዋ !